*Remembering unique Eritreans in contemporary history*

# A
# short biography
# Of
# Bashai Haile Asgede



*Source: Tigrinja book ማሰን መልቀስን ቀዳሞት*

*By*

*Solomon Tsehaye*

*2012*

Asmara, Eritrea 2012

ጀጋኑና ንዘክሮም

ሓጺር

ታሪኽ ሂወት

# ባሻይ ሃይለ ኣስገደ



ካብ መጽሓፍ ናይ ሰሎሙን ጽሃየ

ማሰን መልቀስን ቀዳሞት

2012

ኣስመራ ፣ ኤርትራ

2012

**ዝርዝር ትሕዝቶ**


| | |
|---|---|
| ዉልቃዊ ሓበሬታ | 421 |
| ጅግና ናይ ጅጋኑ | 422 |
| ሻውላ | 423 |
| ብላላ | 424 |
| ኣዝማች በራኺ | 425 |
| ብኽዕሶ | 426 |
| ስንክሳር | 427 |

# ባሻይ ሃይለ ኣስገደ

ባሻይ ሃይለ ኣስገደ ብ1907 ዝተወልዱ ኣውሀነ ዝዓዶም ማሰኛ ነበሩ። ባሻይ ሃይለ ንማሰኛ ተመልሶ ቐለተ መምህረይ ይብሉዎም ከም ዝነበሩ ብድምጺ ተሰኒዱ ካብ ዘሎ ናይ ማሰን መልቀስን ዕላላቶም

ንምርዳእ ይክኣል። ማስ ኸብሉ ይኹን ክልቅሱ ኸለዉ ድምጾም ጥዑም ምንባሩ ካብቲ ተመሊኡ ዝጸንሐ ካሴታቶም ንምግንዛብ ኣየጸግምን። ካብ'ቶም መምህረይ ዝብሉዎም ዝነበሩ ተመልሶን ካብ ካልኦትን ኣጽኒዖም ብተባህለ ዘዘንትዉዎ ሰፊሕ ፍልጠት ኣፋዊ ስነ ግጥምን ካልእ

ያታታትን ዝነበሮም ክኢላ ኸእ ነበሩ። ኣብ ርእሲ ማሰኛነቶም ንብዙሕ ዓመታት ዳኛ ኣውህነ'ውን ዝነበሩ ባሻይ ሃይለ ኣብ 92 ዓመቶም ብለካቲት 1999 ሞይቶም።

✿

ኣብ 1940ታትን መጀመርታ 1950ታትን ፍሉጥ ጸሓፍን ኣሰናዳኢ ጋዜጣ "ኢትዮጵያ"ን ዝነበሩ ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙ ኣብ መጋቢት 1969 ሞይቶም ኣብ ዓዶም በራቑት ዓባይ (መረታ ሰበነ) ክቕበሩ ኸለዉ፡ ባሻይ ሃይለ፡ ከምዚ ዝስዕብ ኣልቀሱሎም። ብዙሓት ከምኡውን ኣዝማች ዝነበሩ ደጃዝማች (ደግያት) ስለ ዝተባህሉ፡ ኣዝማች ገብረሚካኤል ደግያት ክብሃሉ ዝነበረ ትጽቢት ዘይምስማሩ'ውን፡ ሃይለ ኣስገደ፡ ኣብ መልቀሶም ከየስተንተኑሉ ኣይተረፉን።

## ጅግና ናይ ጀጋኑ

መላቕስኩም በየን ምዕቃኑ
ነቒልኩምዶ ጅግና ናይ ጀጋኑ
ወዲ ግርሙ ደኣ ኸይትኾኑ
ወዲ ስብሓት ደኣ ኸይትኾኑ
ወዲ መርሑ ደኣ ኸይትኾኑ
(...)
ወዮ ጕይታ ብርዒ ኢድኩም ዘይጽሕፍ ኮይኑ
ቈሊባ እዝንኹም ዘይሰምዕ ኮይኑ
ጠማቲ ዓይንኹም ዘይርኢ ኾይኑ
መብራህቲ ልብኹም ተደፊኑ
ነቒልኩምዶ ጅግና ናይ ጀጋኑ፡
ነክለጉዛይ ነቢርኩም ሓበኑ
ሓማሴን ሰራየ ነቢርኩም ሓበኑ
ብጆርናለ ጌሩ ቓላቱ ዝፍኑ
ሓርገጽ ቀላይ ኣማኢት ዝስኑ
እንድሕሪ ሒዙዎም ዘይፍኑ
እንድሕሪ ኣሚኑዎም ዘይመኑ
ሓቂ ዲዩ ሎሚ ሓመድ ክትክደኑ!

ኣብ ዝኸምኦም ሰብኣይ ዘይደንኑ
ንዝኸምኦም ሰብኣይ ዘይለመኑ
እንተ ዝልምኑስ ደግያት ምኾኑ
እንተ ዝልምኑ ራእሲ'ውን ምኾኑ
ንስለ ዘረባ ' ተዘይኮይኑ
ካብ ደግያት ንስኹም ትስልጥኑ
ዋላ ኻብ ራእሲ ንስኹም ትስልጥኑ
ናትኩም መልቀስ መኣስ ከምዙይ ኮይኑ
በዓል ካሕሳይ ሰምዲ ካብ ተሳእኑ
በዓል ሃይለ ኣስገደ ክፍትኑ።
ነቒልኩምዶ ጅግና ናይ ጀጋኑ
ገዲፍኩሞ ኹሉ ተጠንጢኑ
ኣፍሪሁኩም ዲዩ'ዙ እዋኑ
ሓቅኹም ከም ሰብኩም ክትኮኑ
ወራዙት ይግዕዙ ሓሰውቲ ገነኑ
ኣናብስ ይሞቱ ወኻሩ ሰሰኑ
ኣምላኽ ይቀበልኩም በሉ ኣብ ብርሃኑ።

✺

ሻውል ብዝብል ሳጓ ዝፍለጡ ዝነበሩ ግራዝማች ወልደጊዮርጊስ ዕቑባክርስቶስ፡ ኣብ 98 ዓመት ዕድሚኦም፡ መጋቢት 1963 ሞይቶም ኣብ ዓዶም ሰገነይቲ ክቕበሩ ኸለዉ ባሻይ ሃይለ ከምዚ ኢሎም ኣልቀስሎም።

**ሻውላ**

ጸዕዳ'ጽናሕኩም ግራዝማች ሻውላ
ወዲ ዕቑባክርስቶስ ሰብ ኣልጋ ሰቐላ
ወዲ ኸንቲባ ፎቶ ሰብ ኣልጋ ሰቐላ
ወዲ ኸንቲባ ተስፋይ ሰብ ኣልጋ ሰቐላ፡
ነብሲ ኸደት ርስሓት ዘይብላ
ከምዙይ'ላ ክትከይድ መላእኽቲ ይሰግዱላ
ቅዱስ ሚኪኤል ከኣ ባዕሉ ይቕበላ።

ኣኽለጉዛይ መጺኣዶ ኹላ
ሓማሴን ሰራየ ቀቢራዶ ኹላ
ኣበይ ደኣ ክትተርፍ ገረየሱስ ክልእከላ
መታሕት ቀይሕ ባሕሪ መጺኣዶ ኹላ
ኣበይ ደኣ ክትተርፍ ወዶም ክልእከላ
እነዋለ'ንዶ 'ዘን እልፊ ባሊላ።
ሻውላየ ሻውላየ
ነብስኹምዶ ሰማይ ተሰቒላ
ስጋኹምስ ምሳና ውዒላ፡
ኣብ ዘበነ ቦለቲካ
ዓደይ ዓደይ ክትብሃል ከላ
ባርቲታ ኾይንን እንክመናጠላ
ዘየገልገለን መሊቑ ክበልዓላ
ዘገልገለን ክውዕል ኣብ ገበላ
'ዛ በይንኻ ብልዕስ እንታይ ኢና ንብላ
ክምዙይ እንተ ኾይኑ'ሞ ማርያም ኣላ
እተዉ ጥራይ ትበልኹም ኣብ ጽላላ።

❁

"Elementary School Building Unit (ESBU)" ብዝብል ስም ዝጽዋዕ ዝነበረ ትካል ምህናጽ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ኢትዮጵያ ብ1972 ኣብ ኣውህነ ቤት ትምህርቲ ሰሪሑ ከጸምብል ከሎ፣ ብዘይ መጠን ዝተሓጐሱ ሃይለ ኣስገደ ከምዚ ዝስዕብ ማሰ በሉ። ማሰእም ከኣ፣ በታ እታ ቤት ትምህርቲ ዝተደኰነትላ፡ "ኣባጅጎ ንመሬት እንተ ዝወርድስ ነውህነ ዓዲ ምገበረ" ዘበለት ሻኻ፡ ጀራዲንን ዓበይቲ ኣእዋምን ዘይፍለያ ብላላ ትብሃል ለምለም ገደና ኣውህነ ጀመሩ።

ብላላ

ብላላ'ቲ ብላላ ብላላ
ምስ ሽዋን ወሎን ኮነት ዳላ ዳላ
ምስ ጐንደርን መቐለን ኮነት ዳላ ዳላ
ተማሂሩ እንተ ዘይኮይኑ ኣጽኒዑ ኣበ'ስኳላ

ወድ ሰብዶ ይሃጥር ብበትሪ ብዱላ
ንመርቃ ሲቃውንቲ ክፈጥረላ
ጽቡቕ ተማሂሮም ዲግሪ ዝሰቐሉላ።
በስመራ ዝመጻእኩም'ዞም እልፊ ኽኢላ
ንቕያ እያ ኢድኩም ምውሕላላ
ካብ ንጉስ ሰለሙን ጥበብ ተኻፊላ
ዘሕደረልኩም ሞያ ኣየዘናብላ
ኣመስጊና እያ ኣውህነ ብኹላ።

❁

ምስሌን ዓረት ዝነበሩ ኣዝማች በራኺ ብሩ (ዓዲ ወገራ) ብሚያዝያ 1960 ሞይቶም ኣብ ዓዶም ክቕበሩ ኸለዉ፡ ባሻይ ሃይለ ነዚ ዝስዕብ መልቀስ ገበሩሎም።

**ኣዝማች በራኺ**

ጐይታየ ጐይታየ ጐይታየ
ጐይታ በይነይ ኣይኮንኩምን ጐይታ ብኹላቱ
ወደ'ዝማች ብሩ እንዲኹም ሓዉ ማርቱ
ነቒልኩምዶ ጸሓይ መኣታቱ
ኣርኪባትኩምዶ እዛ ዓለም ክንቱ
ጽርግያ ተሰሪሑ ሬሳኹም ዘእቱ
ብወርሓት ዘይኮነስ ንእለቱ፡
ሓው ሎሬንሶ ታእዛዝ ሓውኻ መብራህቱ
ዛንታ ዝገደፈ ንዓሌቱ
ባንዴራ ዘምለሰ ተማጕቱ፣
እንክፈርዱ ናብ እዝጊ ዘመልክቱ
ጸጋም ሸጉጥ የማናይ ዳዊቱ
ክልተ ዘረባ ዘይፈቱ
ዘይጥምት ገንዘብ እንዳ'ማቱ
ናብ ውሉዱ ይሕለፍ'ቱ ኽእለቱ
ብደቁ ይወረስ'ቱ ሽመቱ
ክጸንሓኩም'ዩ ገነት ተኸፊቱ።

❁

ኣብቲ ስፖርት ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ኲዕሶ እግሪ፡ ሒዙዎ ዝነበረ ኣውራጃዊ መልክዕ ኣሰካፊ እናኾነ ዝኸደሉ መጀመርታ 1970ታት ባሻይ ሃይለ ንመርዓ ተዓዲሞም ናብ ኣስመራ ምስ ከዱ፡ ኣውሎ በሉልና ተባሂሎም ከምዚ ኽብሉ ማሰኦም ኣስምዑ።

**ብኹዕሶ**

ኣስመራ'ቲ ኣስመራ ኣስመራ
ሓጋይን ክረምትን ኩል ሳዕ ኣዝመራ
መሊኣ ዝነበረት ብእልፊ ቋቑራ
ብሽሚንቶ ጌራ ተቑሪራ[1]
ሓማሴናይ ዓደይ ኢሉ ዝሰፍራ
ኣከለጉዛታይ ዓደይ ኢሉ ዝሰፍራ
ሰረወታይ ዓደይ ኢሉ ዝሰፍራ
ወዲ መታሕት ዓደይ ኢሉ ዝሰፍራ፣
ኣቱም ሰራየ፡ ሓማሴን ኣከለጉዛየ
ኣሕዋት እንዲኹም መባልዕቲ እንጌራ
ሓንቲ ነገር ኣላ ዝጥርጥራ
ብኹዕሶ እናዝበርኩም ሻራ
ኣይ ንሳንድያ ንሃገር ተድሕራ።

ብዙሓት ካብ'ቶም ዕዱማት በቲ ማሰ ተተንኪፎም፡ "ነዛ ብኹዕሶ ትብል ድገሙልና፡" ኢሎሞም። ባሻይ ሃይለ ድማ ከምዚ ኢሎም ቀጸሉሎም።

ኢልኩምኒዶ ኽኣ ዘረባኻ ኣድግስ
ኤሮጳን ኣፍሪቃን ከይብልኹም ፋልሶ
እዚ ነገር ቀልጢፍና ንዕበሶ፡
እንድሕሪ በልኩምኒ ዘረባኻ ኣድግስ
ባእሲ ግደፉዎ ብኹዕሶ።

❁

[1] ተቑሪራ = ተሓጺባ (ብፍላይ ንገጽ)።

እቶም ባሻይ ሃይለ መምህረይ ዝብሉዎም፡ ነጋሽ ሳግላን ገብረመድህን ብስራትን'ውን ከምኡ መምህርናን መራሒናን ኔሮም ዝብሉዎም ውሩይ ማሰኛ ተመልሶ ቐለተ ዕድመ ጸጊቦም ብ1986 ምስ ሞቱ፡ ሃይለ ኣስገደ፡ ከምዚ ዝስዕብ ኣልቀሱሎም።

**ስንክሳር**

'ዛ ወየኽ ብየን ክጅምራ
ወይ'ዛ ዓለም ኢሎማ ተጋብራ
ለባማት ትወስዶም በብተራ፡
ወዲ ቐለተ እንዲኻ ወዲ ኣውራ
ወዲ ክሓሰ እንዲኻ ወዲ ኣውራ
ወዲ ጕይትኦም እንዲኻ ወዲ ኣውራ
(...)
ንጉስ ዓረት ንጉስ መንደፈራ
ንጉስ ሽመጃና እምባ ሶይራ
ነከለጉዛይ ኔርካ ስንክሳራ፡
ንሰራየ ኣውያትዶ ዘይራ
ንሓማሴን ኣውያትዶ ዘይራ
ኣሳ ድያ ንሱ ዘየኸበራ፡
መልሓስካ'ምበር ከደት ብመዓራ
ኣይበሉዋን ዘረባ ቐይራ
ዘየንጠጡሳ ሰብ ጽሩራ፡
ኣካ መልሓስ ከደት ብመዓራ
ንመን ገደፍካሉ ብሓደራ
እንዳ'ቦኻ ሎሚ ተሸጊራ
ብድሕሬኻስ እንታይ ኢና ንገብራ!

## *A wakeup call*

Many countries in the world honor their heroes and commemorate them eternally by erecting statues, naming streets, parks, schools, universities and all sorts of institutions in their names. Eritrea has failed to remember its heroes in all spheres of life and fields including statesmanship, military, scholarships, arts, literature, religion, music and sports. It would be too long to list all the great Eritrean personalities from antiquity to the present. Even the heroes of the last 50 years who have not been recognized and honored are very many.

I believe many will agree with me that Eritrea has many amazing individuals in history who have done something unique to their country in the field of politics, culture, education, sport etc, which we need to remember them for what they have done. It is disheartening though not to see biography books of Eritreans in the library shelves. Lately I have decided to open a section in my website that will be dedicated to the biography of individual Eritreans from all walks of life in history (*www.emnetu.com).*

To start with I have randomly established a list of possible candidates. I therefore ask you all to put additional names to the list and return it to me. The list has to accommodate only individuals who have passed away. In other words we will concentrate only on post mortem biographies. I will update the list when I hear from you. The list will remain open all the time for additional names.

If you are positive about this idea and you have the time I would challenge you all to write biographical sketch or find individuals who can be interested to write a biography on any in the list. If you come across anyone who has access to information but not ready to write, you can ask him/her to supply the information to me in any format (paper, diskette, gramophone dish, cassette, videos, photographs etc) so that I can send it to the one who is interested to write.

The size of the file is not important at all. What is important is remembering them and trying to document their history before it disappears all together. The size will be determined only by the amount of information available on these individuals. Of course the individuals in the list must have done something positive to the cause of our country or to the well being of our people and our culture.

Emnetu Tesfay

Biographical sketch of Aba Tiquabo Abay